

**<u>ነፍሰሔር ፍስሓጼን ገብረ</u>**

**ድሮ ካብ ትፍለየና ሓደ ዓመት ሓሊፉ**
**ሰላምታ ተቐበል ካብ ድሕሪት ዝተረፉ**
**ነገር ዝተቐየረ የለን ኣብኡ'ሎ**
**ተጸፍጺፉ።**

**ንቕሳነት ንሰላም ቃልሲ ዝወፈርካሉ**
**ብንእስነትካ ኣትሒዝካ ዝተጋደልካሉ**
**ክትነብረሉስ ይትረፍ ሬሳኻ**
**ዘይዓርፈሉ።**

**ብድሕሬኻ ዋላ ሓንቲ የለን ዝተቐየረ**
**ዓሻ ጌና ይስሕቕ ለባም ተኾምተረ**
**ዘጣዕስ የብልካን ወዲ ገብረ።**

**ግቡእካ ጌርካ ኢኻ ብሂወት ከሎኻ**
**ተጋዲልካ  እንዲኻ ንራህዋ ህዝብኻ**
**ሰላም ይግበሮ ዘለዓለማዊ ዕረፍትኻ።**

ነፍሰሔር ፍስሓጼን ገብረ ብኣካል ካብ ዝፍለየና እንሆ ሓደ ዓመት ኣቑጺሩ። ካብ ንኡስ ዕድሚኡ ጀሚሩ፡ ምእንቲ ነጻነትን ሓርነትን ህዝቡን ሃገሩን ነታ ሓንቲ ሂወቱንቓልሲዝወፈየ ህርኩት ተጋዳላይ ኢዩ  ነይሩ። ናይ ምንባር ቆጸራ ረኺቡ ብሂወት ምስተረፈ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ስደት ክሳብ ዕለተ ሕልፈቱ፡ ነቲ ዘይተማልአ ዕላማ ቃልሱ፡  ህዝብና ብነጻነት፡ ቅሳነትን፡ ራህዋን ንኽነብር ምግዳሉ ጠጠው ኣቢሉ ኣይፈልጥን።
ፍስሓጼን ጥዕንኡ ተጓዲሉ፡ ውሽጣዊ ዝስምዖ ስቅያት ካብ ስድርኡን ብጾቱን ከዊሉ ብፍሽኽታ ገጹ ኢዩ፡ ዓሚ ብሃንደበት ካብ ዝፈትዎም ስድራ-ቤቱን ብጾቱን ብሞት ተፈልዩ።

ዋላኳ ብኣካል  እንተተፈሌኻና ብመንፈስ ግን ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎኻ።
ኣብ ገነቱ ብምሕረቱይቀበልካ።

ብጾትካ፣ ፍራንክፎርትን ከባቢኣን